# 48 ዓመት ባሕቲ መስከረም
# ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ተጸምቢሉ ፤

ብዕለት 05.09.2009 መበል 48 ዓመት ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብክብ ዝበለ ኣገባብ ተጸንቢሉ ፡

እዚ ዓመት ዓመት ብ ጉጅል ህ.ግ.ደ.ፍ. ተወዲቡ ምስ ህዝባውያን ማሕበራት ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ዝጽንበል ክቡር በዓል ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ከምዝሓለፉ ጽምብላትና ባሕቲ መስከረም ፡ ብተሳትፎን ተወፋይነትን ግዱሳት ህዝባውያን ማሕበራትን ህዝብን ማዕሪጉ ውዒሉ ፡

ኣብዚ ወኪል ስታፍ ጠ/ቆንስል ሃገረርትራ ኣብፍራንክፈርትን ፡ ኣደመ/ሃ.ማ.ደ.ኤ ጨንፈር ጀረመንን ካብ ውሽጢ ሃገር ዝመጹ ኣጋይሽን ብርክት ዝበሉ ተሳተፍቲ ዝጸንበልዎ ፡ ንርዝነት በዓል ባሕቲ መስከረም ኣመልኪቶም ብሕጉስ መንፈስን ልዑል ሞራልን ዘለዎም ደገፍ ንወፍሪ ልምዓት ወርሳይ ይክኣሎን ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቶም ዘለዎም እምነትን ደገፍን ሎሚውን ከምትማሊ ኣብ ጎድኑ ድው ምባሎም ዳግም ዘረጋግጹሉ ኣጋጣሚ ነይሩ ክበሃል ይክኣል ፡

መልእኽቲ ምንግስቲ ኤርትራ ነዛ ካብ መዓልቲ ናጽነት ፈሊና ዘይንርእያ ክብርቲ መዓልቲ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ዝገልጽ ጽሑፍ ብ/ዓንዶም ዘርአ ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምንባብ ፡ ንክብሪ'ቲ ብዓል ብውሓለ ኣዴታት ዝተቐረበ ሕብስቲ ምቁራስን ፡ ከምኡውን ናይ ሻምፓን ምኽፋት ብኣቦታትን ኣዴታትን መደብ ተኻይዱ ፡

ንጽምብል ባሕቲ መስከረም ንምድማቕ ስነጥበባውያን ድመጻውያን መንእሰይ ኣማኑኤል በረኸትን ፡ ብርሃነ ትንሲኤውን ፡ በቲ ምኡዝ ቃንኦም ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ብተወፋይነት ንብዓልና ዝያዳ ድምቀት ሂበሞ ውዒሎም ፡

ናይ ሎሚ ዓመት መበል 48 ዓመት ጽምብል ባሕቲ መስከረምና ኣብ ከተማ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ፡

- ኣብ ትስፉው ናይ ኣዝመራ ወቕቲን ፡
- ኣብ ናይ ደገን ልኡኻቶምን ከደምቶምን ፡ ኣንጻር ህዝብን ሃገረ ኤርትራ ዘንቀደ ተጻብኦ ብመኸተና ዕርቃኑ ኣውጺእና ከምወትሩ ዘፍሸልናሉን ፡
- ንኹሉ ተጻብኦታት በዲህና ፡ ኣብኩሉ መዳያትና ብርእሰ/ሙርኮሳ ንቅድሚት ኣብንምርሻሉ ዘሎና እዋን ፡
- ኣብውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝብና ፡ ሓድነቱ ! ከምጸላእትና ዝምነይዎ ዘይኮነ ፡ ብሓደ ትርግታ ልቢ ፡ ንክብርታትና ዘድምቕን ህላውነትና ዘረጋግጽን ፡ ከምቅድሙ ሓጺናዊ ዕርዱ ደሪዑ ኣብዘይነደለሉ መድረኽ ምህላዉ ፡

መበል 48 ባሕቲ መስከረምና ምብዓላ ዝያዳ ግርማ ኣውሪሱዋ ይርከብ ፡

ነዚ በዓል ንክደምቕን ክማዕርግን ብጉልበትን ንዋትን ዘይትሓለለ ጻዕሪ ዘካየዱ ኩሎም ማሕበራት ፡ ኣባላት ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ስነጥበባውያን/ድምጻውያን ፡ ግዱሳት ሃገራውያን ወላኣኳ ሃገራዊ ግዴታኦም ይኹን እምበር ንሞይኦም ሞሳ ስለዝግብኦ ፡ ብስም ኣወሃሃዲት ሽማግለ እንቋእ ኣመጎሰኩም ንብሎም ፡

( ኣታዊ ናይዚ በዓል ብስም ኩሎም ተሳተፍቲ ናይዚ በዓል ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ኣታዊታት ናይ ባሕቲ መስከረም ንቆፎ ስድራቤት ስዉኣት ዝወፈናዮ ፡ ናይሎሚ መት ኣታዊ'ውን ንቆፎ ስድራቤት ስዉኣት ብስም ተሳተፍቲ ከምነወፍዮ በዚ ኣጋጣሚ ንሕብር ) ፡

- ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ነቶም ሂወቶም ወፊዮም ዘይድብን ብርሃን ዝዓደሉና ጀጋኑ ሰማዕታትና !
- መጎስ ነቶም ንሃገርና ብዝኾነ ተጻባእቲ ዶባትና ከይድፈር ኣብሓለዋ ዘለዉን ፡ ካብ ድኽነት ንምንጋፍ ዘይትሓለለ ኣብጻዕሪ ተጸሚዶም ዘለዉ ዋርሳይ ይክኣሎ ፡

ኣ/ሽማግለ.

ዓወት ንሓፋሽ !